ZENTRALRAT DER ERITREER MUENCHEN

*ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ሙንሸን*

Independence Day of Eritrea *መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ ሙንሸን ጀርመን* 24.05.2021

*ኤርትራውያን ተቀማጦ ሙንሸንን ከባቢኡን ኣብ ትሕቲ ወትሩ ንኹሉ ድሉዋት ዝብል ጭርሖ መበል 30 ዓመት ነጻነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ሙንሸን ጀርመን ጸንቢልና። ብሰንኪ ምኽንያት ኮረና ቫይረስ ምስ ዘሎ ናይ ምፍንታት መምርሒ ፖሊስን ሕግን ጀርመን ብምኽታል ኢና ብናይ መኪና ዙረት* AUTOKORSO *ነዛ ክብርትን መለለይት መንነት ኤርትራዊ ዝኾነት ዕለት ብድሙቕ ኣገባብ ኢና ኣብዒልናያ።*

*እቲ ጉዕዞ ብፖሊስ ተመሪሕናን ሕጊ ተኸቲልናን ስለዝነበረ ንበዓልና ዝያዳ ድምቀት ሂብዎ ኔሩ። ከምኡ ውን ብፖሊስን ነበርቲ እታ ከተማን ብሰላምናን ስነስርዓትናን ኣድናቖት ኣትሪፍና ኣለና። በዓልና ብጽቡቅ መታን ከነብዕል ተባሂሉ ኣብ ንሓልፈሉ መስቀላዊ ጎደናታት ክሳብ ንሓልፍ ጸርግያ ብምዕጻው እዩ ተኻይዱ። ዝያዳ ኩሉ ድማ ንኤርትራ ከነፍልጣን ከነላልያን ሓጋዚ ኔሩ። እዚ ናይ መኪና ዙረት ብሙዚቃ ኣሰኒና ልዕሊ* 20 *መካይን ብምስራዕ ናይ* 20 *ኪሎሜተር ንውሓት ዘለዎ መንገድታትን ጎደናታትን ኢና ኣካይድና።*

*<u>ወትሩ ንኹሉ ድሉዋት</u> ዝብል ጭርሖ ማልያን ለቢስና፣ እተን ኩቡራት ኣዴታትናን ኣሓትናን ድማ ነቲ ጽቡቕን ተባሃኣግን መልክዐንን ፍሽኽትኤንን በቲ ተኸዲነንአ ዝነበራ ማልያ፣ ሻርባን ባንዴራ ኤርትራን ተወሲኽዎ መሊሰን መልኪዐንን ቀንጅየን ይርኣያ ስለዝነበራ ነቲ በዓልና መሊሱ እዩ ኣድሚቅዎ ኔሩ። ነዚ ታሪኻዊ ናይ መኪና ዙረት ብዓወት ምስ ዛዘምና ኣብ ሓደ ዓቡይ ጋርደን ምስቶም ዝጽበያና / ይጽበዩና ዝነበሩ ኤርትራውያን ብምኹዋን ኣብ ክፉት ቦታ በዓልና ቀጺልና። ብዝክረ ሰማእታትን ሃገራዊ መዝሙርን መደብና ጀሚርና። ነዚ ብዓል ዘንጸባርቕ* 2 *ግጥሚታት (እታ ብሓንቲ ንመንእሰያ) ተነቢቡ። ን*30 *ዓመት ተባሂሉ እተዳለወ ፍሉይ ቶርታ ተቘሪሱ።*

*ብተወሳኺ እዚ ናይ* 30 *ዓመት በዓልና ናይ መጀምርያ ወያነ ዘየብላ ዓመት ብምኹዋና እዩ ታሪኻዊ ዝገብራ።*

*በዓልና ብጠቕላላ ልዕሊ* 100 *ኣዴታት፣ ኣቦታት፣ መንእሰያትን ህጻናትን ኤርትራውያን ክብ ሙንሸንን ከባቢኡን ከምኡ ውን ብተወሳኺ ካብ ከባቢታት ዝርከባ ከተማታት ሮዘንሃይም፣ ኢንጎልሽታት ብዝመጹ ብሓባር እዩ ተጸንቢሉ። ንዓመታ ኮረና ጠፊኡ ብዕብይ ዝበለ ክንጽንብሎ ተስፋ ንገብር ብማለት ብውዕዉዕ መንፈስ ብናፍቖትን ጸሓይ ምስ ዓረበት ብሰላም ደምዲምና።*

*ዓወት ንሓፋሽ* !!

*ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራ ሙንሸን ጀርመን*
*ኮሚተ ህዝባውን ዲፕሎማስ ዜናን (ሚድያ)*

*ተስፋይ ወልደጊዮርጊስ*